# ነወለዲ ዝኸውን መምርሒ ንኣገልግሎት ድሕነት ናይ ቖልዑ



ምምሕዳር ናይ ቖልዑ

ጨንፈር ናይ ቖልዑን ስድራቤትን ኣገልግሎታት

## መግለጺ


| ኣርእስቲ | ገጽ |
| --- | --- |
| ናይ ቆልዑ ምክልኻል ኣገልግሎታት (CPS)እንታይ ኢዩ? | 2 |
| ንቆልዑ ምብዳል ምርሳዕን እንታይ ኢዩ? | 2 |
| CPS ብዛዕባይ ከመይ ሰሚዑ? | 3 |
| CPS ንደቀይ ሕቶ ክሓቶም እንታይ መሰል ኣለዎ? | 3 |
| ፖሊስ ኣብዚ ጉዳይ መዓስ እዮም ዝኣትዉ? | 4 |
| “ናይ መከላኸሊ መዕቆቢ” እንታይ እዩ? | 5 |
| ውሉደይ ኣብ ናይ መከላኸሊ መዕቆቢ እንተኣትዩ እንታይ ይኸውን? | 5 |
| ንዓይን ንስድራቤተይን እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ተቀሪቡልና ኣሎ? | 6 |
| ኣማራጺ መልሲ ምሃብ (ARS) እንታይ እዩ? | 7 |
| ብCPS ክምርምር ከለኹ እንታይ መሰላት ኣለኒ? | 8 |
| CPS ንጉዳይ ብኸመይ ኣገባብ ሒዝዎ ከምዘሎ ዘይሰማማዕ እንተኾይነ እንታይ መሰል ኣለኒ? | 9 |
| ካብ ገዛ ወጻኢ ምምዳብ እንታይ ማለት እየ? | 10 |
| “ጽግዕተኛነት” እንታይ ማለት ኢዩ? | 11 |
| ውሉደይ ካብ ገዛ ወጻኢ ኣብ ዝውሃብ ክንክን እንተተመዲቡ ወይ ጽግዕተኛ ምኳኑ እንተተፈሊጡ፣ ከም መጠን ወላዲ እንታይ መሰል ኣሎኒ? | 11 |
| ናይ ውሉደይ መሰላት እንታይ እዮም? | 13 |
| ኣነ ክገብሮ ዝግባእ እንታይ ኢዩ? | 13 |
| ንውሉደይ ከመይ ገይረ ናባይ ከምዝምለሰኒ ክገብሮ ይኽእል? | 14 |
| ጠበቓ የድልየኒ ድዩ? | 15 |
| ንውላደይ ናይ መጻኢ መደብ ከመይ ገይረ ከውጽኦ ይኽእል? | 16 |
| “ምምዕጋት መሰላት ናይ ወላዲ” መለት እንታይ ኢዩ? | 17 |
| ብዛዕባ ኣብ ጉዳያት ዝግበር ውሳነታት ምስቲ ናይ CPS ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ኣብ ዝመጽእ ዘይምርድዳእ እቲ ሰብ እንታይ ክገብር ይግባእ? | 18 |
| ሓደ ሰብ ተወሳኺ ሓበሬታ ካበይ ኪረክብ ይኽእል? | 18 |
| ፖሊሲ ናይ ዘይኣፈላላይነት | 19 |

## ናይ ቆልዑ ምክልኻል ኣገልግሎታት (CPS)እንታይ ኢዩ?

CPS ሓደ ካብ ስራሓት ናይ ሰራሕተኛታት ኣብ ክፍሊ ማሕበራዊን ኣገልግሎት ጥዕና(DSHS) ናይ ዝርከብ ጨንፈር ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን(DCFS) ኢዩ። CPS ንቆልዑ ካብ ዓመጽን ምርሳዕን ናይ ምሕላው ሓላፍነት ኣለዎ።

ናይ CPS ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ንዝመጽእ ምልክታታት ተፈጺሙ ከይከውን ዝጥርጠር ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ናይ ቆልዑ፣ ነቲ ሕጋዊ መግለጺ ናይ ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ናይ ቆልዑ ዘማልእ እንተኾይኑ፣ ክምርምርዎ ብሕጊ ግዱዳት ኢዩም።

## ንቆልዑ ምዕማጽን ምርሳዕን እንታይ ኢዩ?

ብዙሕ ዓይነት ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ናይ ቆልዑ ኣለዉ፤ ኣካላዊ ዓመጽ ማለት ሃንደበታዊ ዘይኮነ ንቆልዓ ዘጋጥሞ ማህሰይቲ(መስበርቲ ዓፅጽምቲ፣ ስንብራት፣ ምንዳድ፣ ማሕረድቲን ካልኦት መህሰይትታትን) ወይ ነቲ ቆልዓ ከቢድ መህሰይቲ ከውርድ ዝኽእል ግናኼ ዘይሃሰዮ ዝኾነ ተግባር(ንቆልዓ ብገለ ኣቕሓ ጌርካ ምህራም፣ ኣብ ቅድሚ ቆልዓ ሽጉጥ ምትኳስ፣ ወይ ካልኦት ተማሳሰልቲ ግብሪታት) ኢዮም።

ስምዒታዊ ማህሰይቲ ንቆልዓ ከምዘይፍቶ/ከምዘይትፍቶ፣ ወይ ንሱ/ንሳ ሒማቐ ወይ ዋጋ ከምዘይብሉ/ከምዘይብላ(ንቆልዓ ምስትንዓቐን ምንእኣስን፣ ኣዕሩኽ ከይገብር ምኽልካል፣ ምጽራፍን ካልኦት ተመሳሰልቲ ግብርታት) ከምዝስምዖ/ዓ ምግባር የጠቓልል። ናይ ዘቤታዊ ዓመጽ ፍጻመታት ከኣ ንስምዒት ናይ ቆልዑ ዓማጺ ኢዩ ኪበሃል ይከኣል።



ምርሳዕ ክበሃል ከሎ ካብ ሓደጋ ናጻ ዝኾነ መንበሪ ገዛ፣ መግቢ፣ ክዳን፣ ወይ ሕክምናዊ/ናይ ስኒ ክንክን ዘይምቕራብን ንቆልዓ ንበይኑ ወይ ንነፍሱ/ሳ ኪሓሊ/ክትሓሊ ስዘይክእል/ምስዘይትኽእል ሰብ ምግዳፍ፣ ብሲት ቤልት ምስ ዘይተኣስረ ቆልዓ ሰኺርካ ክትዝውር ከሎኻ፣ ወዘተ ከጠቓልል ይኽእል። ነቶም ዕብይ ዝበሉ ቆልዑ ዘይምክትታሎም ከም ምርሳዕ ኪቁጸር ይከኣል።

ግብረስጋዊ ዓመጽ ኪበሃል ከሎ ነቲ ቆልዓ ንግብረስጋዊ ተግባራት ክትጥቀመሉ ከሎኻ፣ ነቲ ቆልዓ ጥራሕ ነፍሱ ክትስእሎ ከሎኻ፣

ነቲ ቆልዓ ኣብ ምንዝርና ከተእትዎ ከሎኻ ወይ ምስቲ ቆልዓ ንዝፍጸሙ ካልኦት ግብረስጋዊ ተግባራት የጠቃልል።

ከም ንቆልዓ ምዕማጽ ወይ ምርሳዕ ኪውሰዱ ዝኽእሉ ካልኦት ዓይነት ግብርታት ኣለዉ። ኣብ ነፍስወከፍ ኩነት ናይቲ ቆልዓ ጥዕና፣ ደህንነት፣ ወይ ኩነታት መነባብሮ ተሃስዩ ከይከውን ወይ ንማህሰይቲ ቅሉዕ ከምዘሎ ኪርኣይ ይግባእ።

## CPS ብዛዕባይ ከመይ ሰሚዑ?

ደቅኻ እቲ ክረኽብዎ ዝግብኦም ኣገልግሎት ወይ ክንክን እረኽቡ ከምዘየለዉ ዘርኢ ሓበሬታ CPS ረኺቡ ኣሎ።

ገለ ሰባት ከም ሓካይም፣ ነርስታት፣ መማሃራን፣ ኣማኸርቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ናይ ስነ ኣእሙሮ ተመራመርቲ፣ ወሃብቲ መድሃኒት፣ ሰራሕተኛታት መዋዕለ ሕጻናት፣ ፖሊስ ተዓዛቢ መንእሰይ፣ መርማሪ ሬሳን፣ ምስ ኣዝዩ እተዓመጸ ወይ እተረስዔ ቆልዓ ዝነብሩ ዓበይቲ ሰባት ንዝጠርጠሩዎ ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ንCPS ወይ ንፖሊስ ክሕብሩ ብሕጊ ግዱዳት ኢዮም። (RCW 26.44.030)

> ንCPS ሓበሬታ ዝህብ ሰብ ስሙ/ማ ብምስጢር ክትሓዝ ክሓትት/ክትሓትት ይኽእል/ትኽእል።

ንዝኾነ ኻልእ ሰብ ሓደ ቆልዓ ይዕመጽ ወይ ተረሲዑ ከምዘሎ እንተኣሚኑ፣ ካብ ቅንዕና ብተላዕለ መንፈስ ነቲ ፍጻመ ንCPS ወይ ንፖሊስ ኪሕብር ይኽእል። ብተንኮል ወይ ኾን ኢልካ ዘውሃብ ጌጋ ሓበሬታ ንኡስ ገበን ኢዩ። ብሕጊ ኸኣ ዘሕትት እዩ። (RCW 26.44.060(4)) እተመደቡ ልኡኻት፣ ነቲ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሎም ዝረኸቡዎ ዓመጽ ወይ ምርዕ ቆልዓ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ክፍልጡ ይግባእ።

ንCPS ሓበሬታ ዝህብ ሰብ ስሙ/ማ ብምስጢር ክትሓዝ ክሓትት/ክትሓትት ይኽእል/ትኽእል።

## CPS ንደቀይ ሕቶ ክሓቶም እንታይ መሰል ኣለዎ?

ንዝጥርጠሩ ሓበሬታታት ብዛዕባ ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ቆልዓ፣ CPS ክምርምሮም ሕጋዊ ስልጣን ኣለዎ። እቲ ሰራሕተኛ ሰራሕተኛ CPS፣

እተማልኤ መርመራ ምእንቲ ኽገብር፣ ምሳኻን፣ ምስ ውላድካን ኣገዳሲ ሓበሬታ ምስ ዘለዎም ካልኦት ሰባት ክዛረረብ ክደልይ ኢየ። CPS ቅድሚ ንዓኻ ምንጋሩ ወይ ካባኻ ፈቓድ ክይሓተተ ንውሉድካ ሕቶታት ኪሓቶም መሰል ኣለዎ። ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ መዋዕለ ሕጻናት፣ ኣብ ገዛ፣ ወይ ነቲ ቆልዓ ምቹእ ኣብ ዝኾነሉ ቦታ ሕቶ ኪሕተቱ ይኽእሉ።

ውሉድካ ብ CPS እንተተሓቲቱ፣ ኣብ ዝቀልጠፈ እዋን ክንነግረካ እዩ።

ንኣከላዊ ኩነታት ናይቲ ቆልዑ ንምምዝጋብ ኣብ ዘድልየሉ እዋን CPSን ፓሊስን ንውሉድካ ክስእልዎ መሰል ኣለዎም።

ንዓቅሚ ናይ ስድራቤትን ነቲ/ነቶም ቆልዓ/ቆልዑ ከጋጥም ዝኽእል ሓዳጋታት ድሕሪ ምምርማር፣ እቲ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ ብውላድካ እንታይ ሽግራት የጋጥመካ ከምዘሎን፣ ንኹነታት ናትካን ናይ ስድራቤትካን ከመይ ክመሓየሽ ከምዝኽእል ንምዝርራብ ናብ ገዛኻ ምምጻእ ክቅጽል እዩ።

## ፖሊስ መዓስ እዮም ኣብዚ ጉዳይ ዝኣትዉ?

ሪፖርት ናይ ዝጥርጠር ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ናይ ቆልዓ ናብ CPS ወይ ናብቲ ኣብ ከባቢ ዝርከብ ነቑጣ ፓሊስ ኪልኣኽ ይከኣል እዩ ፖሊስ ከኣ ንዝበጽሖም ሪፖርት ን CPS ክፍልጥዎ ኣለዎም። ናይ CPS ሰራሕተኛታት ናይ ሞት፣ ኣካላዊ ማህሰይቲ፣ ናይ ቆልዓ ግብረስጋዊ ማህሰይቲ ወይ ካልኦት ክፍጽሙ ዝኽእሉ ገበናት ንዝሕብሩ ኩሎም ሪፖርታት ንፖሊስ ክፍልጡ ኣለዎም።

ነቲ ቆልዓ ኣብ ናይ መከላኸሊ ማእሰርቲ ምእታው ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ኣብቲ ጉዳይ ፖሊስ ይኣትዉ። ኣብ ደህንነት ናይቲ ሰራሕተኛ ናይቲ ሰራሕተኛ CPS ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ዝወድቕ መሲሉ እንተተራእዩ፣ ኣብዚ ጉዳይ ክሕግዙ ኪሕተቱ ይከኣል።

ወላእኳ ናይ CPS ሰራሕተኛታትን ፓሊስን ብሓባር ይሰርሑ፣ ነንበይኑ መርመራታት ክካይዱ ይኽእሉ እዮም። ፖሊስ ናይ ገበን መርመራ የካይድ፣ CPS ከኣ ናይ ስድራቤት መምዘኒታት ይወስድ። ብገበን ክሲ ወላ ኣይመስረት፣ CPS ምስቲ ስድራቤት ምስራሕ ኪቕጽል እዩ።

“ነቲ ቆልዓ ኣብ ናይ መከላኸሊ ማእሰርቲ ምእታው ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ኣብቲ ጉዳይ ፖሊስ ይኣትዉ።”

## "ናይ መከላኸሊ ዑቅባ" እንታይ ኢዩ?

ሓደ ቆልዓ ግሁድ ኣብ ዝኾነ ሓደጋ ተቃሊዑ፣ ወይ ብርቱዕ ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ከምዝበጽሖ ኣብዘርኢ ሃንደበታዊ ኩነት፣ ፖሊስ ነቲ ቆልዓ ክሳዕ 72 ሰዓታት (ንቀዳም፣ ሰንበትን፣ ፌስታታትን ከይቆጸርካ) ኣብ ትሕቲ ናይ መከላኸሊ ዑቅባ ከእትዎ ይኽእል። ዳሕራይ ከኣ ሓላፍነት ናይቲ ቆልዓ ን CPS ይወሃብ፣ ሽዑ CPS ነቲ ቆልዓ ምስ ኣዝማዱ ወይ ሕጋዊ ኣላይ ገዛ ከምዝነብር ይገብር።

እቲ ቆልዓ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምስ ኣተወ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት (ንቀዳም፣ ሰንበትን፣ ፌስታታትን ከይቆጸርካ) እቲ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ኪቀርብ ኣለዎ።



## ውሉደይ ኣብ ናይ መከላኸሊ መዕቆቢ እንተኣትዩ እንታይ ክኸውን እዩ?

ውሉድካ ኣብ ትሕቲ ናይ መከላኸሊ መዕቆቢ ምስ ኣተወ፣ ኣብ ዝቀልጠፈ እዋን ብጽሑፍ ክንገረካ እዩ። ውላድካ ኣብ ትሕቲ ናይ መከላኸሊ መዕቆቢ ስለምንታይ ከምዝኣተወ ክንገረካ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽበሉ እትኽእል ስምን ቁጽሪ ስልክን ናይቲ ሰራሕተኛ CPSን/ወይ ቤት ጽሕፈት ክውሃበካ እዩ። መዓስን ኣበይን መጽለሊ ከምዝርከብ ናይ ዝውስን መሰማዕታ ሓበሬታን፣ ብቤት ፍርዲ ዝተመደበ ጠበቃ ከመይ ከምእትረክብ ዝርኢ ሓበሬታ ዝሓዘ ቅጺ ክትውሃብ ኢኻ።

ኣብቲ ንመጽለሊ ገዛ ዝግበር መሰማዕታ ስለምንታይ ውሉድካ ካብ ገዝኻ ወጻኢ ክነብር ከመዘይብሉ ነቲ ቤት ፍርዲ ክትነግር ዕድል ክወሃበካ ኢዩ። እንተድኣ እቲ ዳኛ ወይ ኮሚሽነር ምስቲ እትብሎ ተሳማሚዑ ንዉሉድካ ኪመልሰልካ ኢዩ።

እቲ መሰማዕታ ኣብ ቅድሚ ናይ ቤት ፍርዲ ኮሚሽነር እንተተፈጺሙ፣ ነቲ ናይቲ ቤት ፍርዲ ኮሚሽነር ንዝሕለፎ ውሳነ ብናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳኛ ዳግማይ ክርኣየልካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ዳግማይ ክርኣየልካ እንተደሊኻ፣ እቲ ናይቲ ቤት ፍርዲ ኮሚሽነር ንውሳነኡ ኣብ ዘሕለፈሉ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልትታት፣ ዳግማይ ንኽርኣየልካ ጥርዓን ከተእትው ኣሎካ።

ወላ እኳ ናይ መካላኸሊ መፅቀቢ ብፖሊስ ድሮ ተፈጺሙ ከሎ፣ DCFS ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ኣድላዪ ከምዘይኮነ ክውስን ይኽእል ኢዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ ክሳዕ እቲ ሽግራት ዝፍታሕ፣ ብድልየትካ እትፍርሞ ናይ ፍቓድ ስምምዕ ክትፍርም ትሕተት ትኸውን ኢኻ። ወይ ከኣ ቆልዓኻ/ቆልዑኻ ናብቲ ኣገልግሎቱ እተማልኤ ገዛኻ ክምለስ ይኽእል ኢዩ።

## ንዓይን ንስድራቤተይን እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ተቀሪቡልና ኣሎ?

DSHS ንሽግራት ኣብ ምፍታሕ ዝሕግዙ ብዙሕ ኣገልግሎታት ይህብ ኢዩ። ገሊኡ ኣገልግሎታት ብቐጥታ ብDSHS ይወሃቡ፣ ካልኦት ከኣ ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዝወሃቡ እዮም። ብCPS ዝውሃቡ ኣገልግሎታት ናጻን፣ እቶትካ ክንደይ ምኳኑ ብሰየገድስ ዝወሃቡ ኢዮም። ግናኸ ስድራቤትካ ናብ ገንዘብ ዘኽፍል ካልእ ወኪል እንተተመዲቡ፣ ነቲ ገንዘብ ክትከፍል ኣለካ። ከም ናይ ምእላይ ክንክን ዝኣመሰሉ ካብ ገዛ ወጻኢ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ንስኻ ክትከፍሎ ዝግባእ ወጻኢታት ኣለዎም።

ገለ ካብተን ናይ CPS ሰራሕተኛታት ንስድራቤትካ፣ ኣገልግሎት ኣብ ምርካብ ክሕግዞም ዝኽእል ፣ እዘን ዝስዕባ ኢየን፣(እዚ ኹሉ ግን ኣብ ኩሉ ነቑጣታት ኣይርከብን ኢዩ።)

- ናይ ገዛ/ክዳን/ውሱን ናይ ገንዘብ ሓገዝ
- ኣገልግሎት ጥዕና/ሕክምናዊ ክንክን/ናይ ስኒ ክንክን
- ኣገልግሎት ናይ ኣብ ገዛ ዝውሃብ ሓገዝ
- ክንክን ቆልዓ
- ናይ ምርካብ ስራሕ ኣገልግሎት
- ንወላዲ ዝጠቅም ትምህርቲ
- ናይ መደብ ስድራቤት ኣገልግሎት
- መጓዓዝያ
- ናይ ኣእሙሮ ሕክምና ኣገልግሎት

> “ብCPS ዝውሃቡ ኣገልግሎታት ናጻን፣ እቶትካ ክንደይ ምኳኑ ብሰየገድስ ዝወሃቡ ኢዮም።”

- ምኽሪ ንስድራቤትን ሓዳርን
- ናይ መግቢ ባንክ
- ናይ ሕጋዊ ኣገልግሎታት
- ብኣልኮላዊ መስተን ዕጸ ፋርስን ንእተወለፉ ሰባት ዝውሃብ ኣገልግሎት
- ብፍቓደኝነት ዝውሃብ ሓገዝ፣ ንወላዲ ዝሕግዙ፣ ስሞም-ስዉር ወለዲ
- ናይ ዘቤታዊ ዓመጽ/ናይ ግብረስጋዊ መቅጻዕቲ መደባት

## ኣማራጺ መልሲ ምሃብ (ARS) እንታይ እዩ?

ኣብ ዋሺንግተን ስቴይት፣ ናይ CPS ርፖርት ብናይ ሓደጋ መምዘኒ ሞዴል ይምዘኑ ኢዮም። እንተድኣ ነቲ ሓበሬታ ዝቐበል ሰራሕተኛ፣ ውሉድካ ሓደጋ ናይ ምርካብ ዕድሉ ታሕቲ ምዃኑ ዘርኢ ሓበሬታ ረኺቡ፣ ጉዳይካ ናብ ምስ CPS ብኮንትራት ዝሰርሕ ናይ ወጻኢ ኣካል ኪመሓላለፍ ኢዩ። እዚ ኣካል ንውሉድካን፣ ንስምዒታዊ ድልየትካን፣ ንኻልኦት ሽግራት ከም መካላኸሊ ዘገልግል፣ ኣብ ከባቢኻን ኣብ ከባቢ ውሉድካ ናይ መካላኸሊ መርበብ ኣብ ምህናጽ ፍሉይ ሓገዝ ይህብ።

ምስ ወሃብ ኣገልግሎት ናይ ARS ዝግበር ተሳትፎ ብድልየት ስለዝኾነ፣ እንትዘይደሊኻ ኣገልግሎት ክትኣቢ ትኽእል ኢኻ። ግናኼ እዞም ወሃብቲ ኣገልግሎት ንስኻን ደቅኻን፣ ሕጉስን ምችእን መነባብሮ ኪህልወኩም ኪሕግዙኹም ይኽእሉ ኢዮም። ኣብቲ ዘለኻዮ ሕብረተሰብ ዘድልየካ ሓገዝ ትረክብ እንተኾይንካ፣ ናይ CPS ተገልጋሊ ክትከውን ኣየድልየካን ኢዩ ኢልና ኢና ንሕና ንኣምን።

## ብCPS ክምርምር ከለኹ እንታይ መሰላት ኣሎኒ?

እቲ ቤት ጽሕፈት ሪፖርት ናይ ቆልዓ ምዕማጽ ወይ ምግዳፍ መርመራ ኣብ ትሕቲ ምዕራፍ 26.44 RCW ምስ ወድኤ፣ እቲ ቤት ጽሕፈት ንዝረኸቦ ሓበሬታታት ነቲ/ነቶም ብጥርጣሬ ዝጥመት/ቱ ዓገበኛ/ዓገበኛታት፣ ንውጽኢት ናይቲ ሪፖርትን፣ ንውጽኢት ናይቲ ቤት ጽሕፈት ዝገበሮ መርመራ ክፍልጦ/ጠም ይግባእ። እቲ ውጽኢት ናብቲ መወዳእታ ፍሉጥ ኣድራሻ ናይቲ ሰብ ብቡስጣ ኪስደደሉ ኢዩ።

ሰለስተ ውጽኢታት ኣለዉ መሰረት ዘልዎ፣ ማለት እቲ መርማሪ ሰ ራሕተኛ ብዘተኣማምን ደረጃ እቲ ዝጥርጥር ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ከም ዝተፈጸመ ዘርኢ ሐበሬታ ረኺቡ ኣሎ ማለት እዩ። መሰረት ዘይብሉ፣ ማለት እቲ መርማሪ ሰራሕተኛ ብዘተኣማምን ደረጃ እቲ ዝጥርጠር ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ከምዘይትፈጸመ ዘርኢ ሓበሬታ ረኺቡ ኣሎ ማለት እዩ። ኣዕጋቢ ዘይኮነ፣ ማለት እቲ መርማሪ ሰራሕተኛ እቲ ዝጥርጠር ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ከምእተፈጸመ ወይ ከምዘይተፈጸመ ክውሰን ኣይከኣለን።

ኣብ መሰረት ዘለዎ ናይ ቆልዑ ዓመጽ ወይ ምርሳዕ ሪፖርታጅ ስምካ ከም ገበነኛ እንትትሰምዩ፣ እቲ ውጽኢት ድግማይ ክርእየልካ ወይ ክመሓየሽ ንክትሓትት መሰል ኣለካ። ካብቲ ቤትጽሕፈት ብጽሑፍ መመልከቲ ምስረኸብካ ኣብ ውሽጢ ዕስራ መዓልትታት ነቲ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ነቲ ውጽኢት ዳግማይ ክርእየልካ ክትጠልብ ኣለካ። እቲ ጠለብ ብጽሑፍ ኪኸውን ይግባእ። ነቲ ጠለብካ ኣብ ውሽጢ እቲ ግቡእ ግዜ እንተዘይሓቲትካ፣ ብድሕሪኡ ነቲ ውጽኢት ዳግማይ ክርኣይ ክትሓትት፣ ወይ ይግባይ ክትሓትት፣ ወይ ነቲ ውጺኢት ብቤትፍርዲ ዳግማይ ንኽርኣየልካ ክትሓትት መሰል የብልካን።

እቲ ቤትጽሕፈት ዳግማይ ንክርኣይ ናይ ዝጠልብ ምልክት ቅብሊት ምስ ረኸበ ነቲ ውጽኢት ዳግማይ ክርእዮ እዩ። ኣድላዩ እንተኾይኑ ኸኣ፣ ነቲ ውጽኢት ክቕይሮ እዩ። ዳግማይ ናይ ምርኣይ ሓላፊነት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ናይ ዞባዊ ኣመሓድራ እዮም። ዳግማይ ምርኣይ ምስተወድኤ፣ እቲ ቤት ጽሕፈት ንውሳኔ ናይቲ ወኪል ብጽሑፍ ክፍልጠካ እዩ። እቲ ምልክታ ናብቲ መወዳእታ ፍሉጥ ኣድራሻኻ ብቡስጣ ክስደደልካ ኢዩ።

እቲ ወኪል ዳግማይ ርእይትኡ ሂቡ ምስ ወድኤ፣ እሞ እቲ ሪፖርት መሰረት ዘለዎ ኾይኑ እንተጸኒሑ፣ ንውሳነ ናይቲ ውጽኢት ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ ይግባይ ጠለብ ነቲ ውሳነ ናይ ወኪል ድሕሪ ምርካብካ፣ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ኪምላእ ይግባእ። እንተድኣ ናይ ይግባይ ጠለብካ ኣብ ውሽጢ እቲ ግቡእ ግዜ እንተዘይሓቲትካ፣ ንሓቅነት ናይቲ ውጽኢት ክትማጎት ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ወይ በቲ ወኪል ንዝግበር ዳግማይ ግምገማ ንኽትሓትት፣ ወይ ይግባይ ክትሓትት መሰል ኣይክህልወካን እዩ።

## CPS ንጉዳይ ብኸመይ ኣገባብ ሒዝዎ ኽምዝለሎ ዘይሰማማዕ እንተኾይነ እንታይ መሰል ኣሎኒ?

ምስቲ ወኪል ዝግበር ዝኾነ ብብሕታዊ ደረጃ ዝግበሩ ውዕለት ሚዛናውን ኽቡርን ኣጠማምታ ክህልዎም ምግባር ናይ CPS ኣገዳሲ ትኩረት ኢዩ። ነዚ ተባሂሉ ንጥርዓን ናይ ዜጋታት ዝኸውን ፖሊሲን ኣገባብን፣ ንዝመጽእ ናይ ሒማቐ መሰማዕታታት ብስሩዕን፣ ሚዛናዊን፣ እዋናዊን መገዲ በየናይ ኣገባብ ክርኣዩ ከምዝግብኦም ዘርኢ ፍሉይ ጥራዝ ኣዳሊና ኣሎና። ብዛዕባ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ጉዳይካ ባህ ዘይብለካ እንተሎ፣ ንስኻ፣ ውላድካ፣ ኣባል ስድራቤትካ፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ብዝነብር ክኢላ ወይ ብዛዕባ እቲ ኩነት ኣፍልጠ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ነቲ ባህ ደይብሎ ነገራት ከተቅርብዎ ትኽእሉ።

CPS ንጉዳይካ በየናይ መገዲ ከምዝሓዞ ወይ ሒዙዎ ከምዘሎ ጥርዓን ወይ ባህ ዘየብል ነገራት እንተሎኻ፣ ንጥርዓናትካ ኣቀዲምካ ነቲ ተመዲቡልካ ዘሎ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ኣፍልጦ። ሽዑ እቲ ሽግርካ እንተዘይተፈቲሑ ምስ ናይቲ ሰራሕተኛ ሓለቓ ተራኸብ። እቲ ሓለቓ ንሽግርካ እንተዘይፈቲሑዎ፣ ምስቲ ናይ ከባቢ ኣመሓዳሪ ተራኸብ፣።

ድሕሪኡ ኸኣ ምስ ናይ ዞባ ኣመሓዳሪ ተራኸብ። ንዝኾነ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ክሕግዘካ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ብቁጽሪ ስልኪ 1-800-723-4831፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ዝምድና ቅዋም፣ ሓገዝ ንምሕታት ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ዝኾነ ሰብ ንዘለዎ ጥርዓን ናብ ቤት ጽሕፈት ስድራቤትን ቀለውዕ ኦምቡድስማን ብቁጽሪ ስልኪ 1-800-571-7321 ክድውል ኸኣ ይኽእል። እዚ ቤት ጽሕፈት ካብ DSHS ፍሉይን፣ ኣብ ዋሺንግተን ስቴይት ብዝግበር፣ ካብ ዝኾነ ዜጋ፣ ብዛዕባ ተግባራት ናይ ቤትጽሕፈት ምምሕዳር ቆልዑ ንዝመጹ ቅሬታታት ንኽምርምር ስልጣን ኣለዎ። እቲ ኦምቡድስማን፣ ቅድሚ እቲ ቤት ጽሕፈት ኢዱ ምእታዉ፣ ናይ ውሽጣዊ መፍትሒ ጥርዓናት ኣገባብ ንኽትጥቀም ትጽቢት ኣለዎ።

## ካብ ገዛኻ ወጻኢ ምምዳብ እንታይ ማለት ኢዩ?

ኣብ መብዝሕቱኡ እዋናት፣ ናብ CPS ዝመሓላለፉ ቆልዑ፣ ካብ ገዝኦም ኣይወጹን ኢዮም። ቆልዑ ካብ ወለዶም ዝውሰዱ፣ ከብ መህሰ ይቲ ወይ ቀጻሊ ዓመጽ ወይ ምርሳዕ፣ ምክልኻል ዘድሊዮም እንተኾይኑ ጥራሕ ኢዩ።

ነቲ ቆልዓ ምስ ቀረባ ዘመድ ከምዝቅመጥ ምግባር እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ኢዩ። ቀረባ ዘመድ እንተዘይተረኺቡ፣ እቲ ቆልዓ ናይ ስራሕ ፍቓድ ምስ ዘለዎ ኣላዪ ስድራ ቤት ኽነብር ኪግብር ኢዩ። ኣለይቲ ስድራቤታት ንቆልዑ መዓልታዊ ክንክን ይህቡ። ነቲ ቆልዓ ዘውጽእዎ ወጻኢታት ንምሽፋን፣ ኣብ ወርሒ፣ ወርሒ ገንዘብ ይኸፈሉ ኢዮም። እቲ ቆልዓ ኣብቲ ገዛ ክሳዕ ዘሎ፣ ንሱን እቶም ኣለይቲ ስድራቤቱ በቲ እተመደበሎም ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ምክትታል ይግበረሎም።

> ገለ ቆልዑት ብርቱዕ ሽግራት ስለ ዘለዎም ምስ ስድራቤት ክነብሩ ኣይክእሉን ኢዮም።

ገለ ቆልዑት ብርቱዕ ሽግራት ስለ ዘለዎም ምስ ስድራቤት ክነብሩ ኣይክእሉን ኢዮም። እዞም ቆልዑ ኣብ ናይ ማሕበራዊ ገዛ ወይ ኣብ እንዳ ሓኪም ኪምደቡ ይኽእሉ። እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ቦታታት ከምእውን ውዑይ ዝተሓወሰ ጠባያት ንዘለዎም ቆልዑን፣ ናይ ኣእሙሮ ሽግር ንዘለዎም ቆልዑ ንምክንኻን ዘድልዩ፣ ዝኣኽሉ መሳለጢያታት ኣለዎም።

## “ጽግዕተኛነት” እንታይ ማለት ኢዩ?

ከቢድ ጉዳያት ኣብ ዘጋጥሙሉ እዋናት፣ እቲ ቤት ጽሕፈት ወይ ዝኾነ ኻልእ ሰብ ነቲ ቤት ፍርዲ፣ በዘን ዝስዕባ ምኽኒያታት፣ ነቲ ቆልዓ ፍቓድ ክሓቱሉ ይኽእሉ። ንሰን ከኣ፣ እቲ ቅልዓ፤

- ተጠንጢኑ
- ተዓሚጹ ወይ ተረሲዑ
- ወላዲ፣ መጉዚት፣ ወይ ነቲ ቆልዓ ክካናኸኖም ዝኽእል በዓል ሕድሪ የብሉን።



እቲ ቤት ፍርዲ ሓደ ካብዞም ናይ ጽግዕተኛ ምኽኒያታት ክምዘለዉ ንምውሳን ጥርዓናት ክሰምዕ ኢዩ። እቲ/እታ ቆልዓ ኣብ ገዝኡ/ኣ ወይ ካብ ገዝኡ/ኣ ወጻኢ ኣብ ካልእ ገዛ ክነብር ዝግብኦ/ኣ እንተኾይኑን፣ ክሳብ እቲ እዋናት እቲ ቤት ፍርዲ ስርሑ ዝውድእ ነቲ/ታ ቆልዓ መን ክካታተሎ/ላ ከምዘለዎ እቲ ቤት ፍርዲ ክውስን ኢዩ። ናይ እቲ ቤት ፍርዲ ጊዚያዊ ውሳነ “ጽግዕተኛነት” ይብሃል።

ናይ ጽግዕተኛነት መገምገሚ መሰማዕታታት ኣብ ሽዱሽተ፣ ሽዱሽተ ወርሒ ይካየድ። እዚ ኽኣ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ስድራቤት ከቀራርብ ኣብ ዝገብሮ ጽዕሪ ጽቡቅ ይኽይድ ከምዘሎ፥ እንተዘይኾይኑ ኽኣ እቲ ጻዕሪ ናይቲ ቤት ፍርዲ ኪቅጽል ከምዘለዎ ንምውሳን ኢዩ።

## ውሉደይ ካብ ገዛ ወጻኢ ኣብ ዝውሃብ ክንክን እንተተመዲቡ ወይ ጽግዕተኛ ምኳኑ እንተተፈሊጡ፣ ከም መጠን ወላዲ እንታይ መሰል ኣሎኒ?

ቤት ፍርዲ እንተዘይኸልኪሉ፣ ወለዲ ተወሳኺ መሰላት ኣለዎም።

ውላድካ ኣብ ናይ መካላኸሊ መዕቆቢ እንተኣትዩ፣ ኣብ ግቡእ እዋን ክትነግሩን፣ ስለምንታይ ኣብኡ ከምዝኣትው ክትነግር መሰል ኣሎካ።

እንተድኣ ውላድካ ካብ ገዛ ወጻኢ(ኣላዩ፣ ሓባራዊ ገዛ ወይ ርካል) ክነብር ተመዲቡ'ሞ እቲ ናይ ቤት ፍርዲ እንተዘይከልኪሉ፣ ነቲ ቆልዓ ክትበጽሖ መሰል ኣለካ። እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ መዓስ፣ መዓስን፣ ኣበይ ቦታን እቲ ምብጻሕ ክፍጸም ከምዘለዎ ክውስን ኢዩ።

ንመሰላት ናይ ምብጻሕ ክውስኑ ወይ ክኽልክሉ ዝኽእሉ ንዝኾኑ ውሳነታት ክትማጎቶም ትኽእል ኢኻ።

ክፍትሑ ንዝግብኦም ሽግራት ሓገዝን/ ወይ ምኽሪ ንኽትቕበል መሰል ኣለካ።

ንምዕባለታት ጥዕናን ኣካይዳን፣ ኩነታት ትምህርቲን ጠባይ ናይ ወድኻ ብቀጻሊ ክፍልጠካ፣ CPS ዝከኣሎ ኹሉ ክገብር ኢዩ። እዚ ክኸውን ግና ነቲ ናይ CPS ሰራሕተኛ ብዛዕባ ኩነታት መነባብሮኻ ከተፍልጦ ይግባእ።

ድሕሪ'ቲ ካብ ገዛ ወጻኢ ምምዳቡ፣ ንወላድካ ናብ ገዛኻ ንኽትመልስ እንታይ ክትገብር ከምዘግብኣካ ክትፈልጥ መሰል ኣለካ።

ኣብ መደብ ናይቲ ጉዳይ ዝኾነ ነዓኻ ወይ ንውሉድካ ክጸልዉኹም ዝኽእሉ ለውጢ ክግበር እንተኾይኑ፣ ብዛዕብኡ ክትማኸር መሰል ኣለካ።

ክፍትሑ ንዝግብኦም ሽግራት ሓገዝን/ወይ ምኽሪ ንኽትቕበል መሰል ኣለካ።

ብዛዕባ ውላድካ ወይ፣ ንመሰላት ናይ ወላዲነትካ(እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ሕጹጽ ኩነታት ውሳነ ዝህብ እንተዘይኮይኑ) ክጸልዉ ናይ ዝኽእሉ ንዝግበሩ ናይ ቤት ፍርዲ መሰማዕታታት፣ ቅድሚ መዓልቲ ቆጸራ ምብጽሑ፣ ምልክታ ክትረክብን ኣብኡ ክትርከብን መሰል ኣለካ።

ኣብቲ ናይ 72 ሰዓታት መሰማዕታ፣ ብኻልእ ኣገዳሲ ምኽኒያት ክትርከብ እንተዘይኪኢልካ፣ ናይ መጽለሊ መሰማዕታ ክትገብር ነቲ ቤት ፍርዲ ክትሓቶ መሰል ኣለካ።

ንነፍሲ ወከፍ ዘቕረብካየን መሰማዕታታት፣ ኣብቲ እዋን ኣብ ዝቐረቡ ጭብጥታት ተመርኲዙ ሚዛናዊነት ዘለዎ ዳኛ ወይ መርማሪ ሓቂ፣ ፍርዲ ንኪህበካ መሰል ኣለካ።

መሰማዕታ ኣብ ዝካየደሉ ኣብ ዝኾኑ እዋናት፣ ጠበቓ ክትገብር መሰል ኣለካ። ጠበቓ ክትገብር ዓቕሚ እንተዘይብልካ፣ እቲ ቤት ፍርዲ ብኸመይ ገይሩ ጠበቓ ክምድበልካ ክምዝኽእል ዝሕብር ሓበሬታ እቲ ናይ CPS ሰራሕተኛ ክህበካ ኢዩ።

ኩሉም ተገልገልቲ፣ ንዝረኽቡዎ ኣገልግሎት በቲ ዝርድኦም ቋንቋን ባህሊን ንኽንገሩ መሰል ኣለዎም።

## ናይ ውሉደይ መሰላት እንታይ ኢዩ?

ውሉድካ'ውን መሰል ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ፤

- መሰል ናይ መግቢ፣ መጽለሊን ንድልየቱ ዘዕግቡ ክዳውንቲን።
- ካብ ማህረምቲ፣ ስቓይ፣ ሓደጋ፣ ማህሰይቲን ምርሳዕን ናይ ምክልኻልን ናጽነትን መሰል።
- ናይ ስምዒታዊ ቅሳነት መሰል።
- መሰላት ናይ መርመራን ሕክምናን ናይ፣ ጥዕና፣ ስኒን ስምዒታዊ ኩነታት ዘጠቓለለ ክንክን ጥዕና።
- ሓደ "ጋርዲያን-ኣድ-ሊተም" ዝተባህለ ሰብ፣ ንመሰላት ናይቲ ቆልዓ ኣብ ምሕላው ክሕግዝ በቲ ቤት ፍርዲ ኪምደብ ኢዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ዝኾነ ትእዛዝ ናይ እቲ ቤት ፍርዲ ዝፍጸም ኢዩ።

## ኣነ ክገብሮ ዝግባእ እንታይ ኢዩ?

ንስኻ ክትገብረን ዝግብኣኻ ነገራት ኣለዋ። ንሳተን ኸኣ፤

- ውሉድካ ካብ ገዝኡ/ኣ ወጻኢ ኣብ ዝውሃብ ክንክን እንተተመዲቡ፣ ዘድልዩዎ ክዳውንቲን ካልኦት ኣቅሑት (ፒጃማታት፣ ባምቡላታት፣ ወይ ካልኦት ኣቅሑት) ምሃብ።
- ምስ ሰራሕተኛታት ናይ CPS ኣብ እተሳማማዕኩምሉ ጊዜን ቦታን ንውሉድካ ኩሉ ጊዜ ክምትበጽሖ። ኣብቲ እተባህለ እዋን ዘይትበጽሖ እንተኾንካ፣ ኣቀዲምካ ነቲ ሰራሕተኛ CPS ክተፍልጦ ኣለካ።

- ምስ ሰራሕተኛታት CPS ኸንካ ንናይ መጻኢ መደባት ናይ ውላድካ ብሓባር ንኽትሰርሕን ንስኻ እንታይ ክትገብር ከምዝግብኣካ ምምዳብ።
- ነቲ ማህሰይቲ ወይ ምርሳዕ ንዘምጽኡ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ ክትጽዕር እንተድኣ ናይ CPS ሰራሕተኛን /ወይ ቤት ፍርድን ነቲ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ክሕግዝ ዝኽእል ቦታ መዲቦምኻ፣ ነቲ መደብ ክትከታተሎ ኣለካ፣ ወይ ከኣ ብዛዕባ እቲ መደብ ዘይውሓጠልካ ነገር እንተሎ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ተዘራረብ።
- ከም ሓድሽ ኣድራሻ፣ ወይ ቁጽሪ ስልኪ፣ ምቅይያር ኩነታት ስራሕ፣ መርዓ/ፍትሕ፣ ወይ ንመደባት ናይ ውላድካ ክጸልው ዝኽእሉ ዝኾኑ ምቅይያራት ነቲ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ብቀጻሊ ኣፍልጦ
- ምስ ሰራሕተኛታት CPSን፣ ምስካልኦት ሓገዝቲ ክኢላታት ንዘለካ ቆጸራታት ምኽባር። ኣብ ቆጸራኻ ክትርከብ እንተዘይኽኢልካ፣ ወይ ቆጸራኻ ከተፍርስ እንተደሊኻ፣ ነቲ ናይ CPS ሰራሕተኛኻ ኣቐዲምካ ኣፍልጦ።
- መዝገብ ናይ ዝሓለፈ ክንክን ሕክምና፣ ኩነታት ትምህርቲ፣ ወይ ንመደባት ናይ ውሉድካ ክጸልው ዝኽእል ዝኾነ ሓበሬታ ዘጠቓለለ ሓበሬታ ብዛዕባ ውሉድካ ንኽትህብ።
- ብዛዕባ ክንክንን ምዕባለ ናይ ውላድካ ምስ ሰራሕተኛታት CPS ንኽትዘራረብ።
- ንውላድካ ኣብ ምክንኻን ንዝወጹ ወጻኢታት ሓገዝካ ክተበርክት።

## ንውሉደይ ከመይ ገይረ ናባይ ከምልሶ ይኽእል?

ናይቲ ቆልዓ ገዛ ካብ ሓደጋ ናጻ እንተኾይኑ፣ CPS ነቲ ቆልዓ ኣብ ገዝኡ ኪነብር እዩ ዝደልዮ። CPS ነቲ/ታ ቆልዓ ናብ ካብ ገዛ ወጻኢ ዝውሃብ ሓልዮት ከእትዎ ዝመደበ፣ ኩነታት ናይ ገዝኡ ሓደገኛ ስለ ዝኾነ እዩ። እቲ ጽግዕተኛተት ኣቤቱታ ደብዳቤ፣ እቲ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ውላድካ ኣብ ሓደገኛ ኩነታት እዩ ኢሉ ዝገመተሉ ምኽንያታት ይገልጽ። ናይዚ ደብዳቤ ቅዳሕ ንዓኻውን ተሰዲዱልካ እዩ። እቲ ደብዳበ እንታይ ይብል ከምዘሎ እንተዘይተረዲኡካ፣ ነቲ ሰራሕተኛኻ ወይ ጠበቃኻ ከረዱኡኻ ሕተቶም። ውሉድካ/ደቅኻ ናባኻ ክምለሱ እንተኾይኖም፣ ኣብቲ ኣቤቱታ ተረቒሑም ዘለዉ ቅድመኹነታት ክማልኡ ኣለዎም።

> "
> ናይቲ ቆልዓ ገዛ ካብ ሓደጋ ናጻ እንተኾይኑ፣ CPS ነቲ ቆልዓ ኣብ ገዝኡ ኪነብር እዩ ዝደልዮ።
> "

ነዚ ንኽትፍጽም ዝበለጹ መገድታት እዚኣቶም ኢዮም፤

- ብዛዕባ ውላድካ ኣብ ዝግበሩ ኩሉም መሰማዕታት፣ ተረኽብ። ኣብቲ መሰማዕታ እንተዘይተረኺብካ፣ እቲ ዳኛ፣ ንስኻ ብዛዕባ ኩነታት ውላድካ ከምዘይትግደስ ጌይሩ ክወስዶ ኢዩ።

- ንትእዛዝ ናይቲ ቤት ፍርዲ ፈጽም። እቲ ቤት ፍርዲ ዘውጽኦ ዝኾነ ንውላድካ/ደቅኻ ዝትንከፍ ትእዛዝ፣ ንስኻ እንታይ ክትገብር ከምዝግብኣካ ዝሕብር ጽሑይ ናይ ጉዳይ መደብ ኪሕዝ ኢዩ። እቲ ቤት ፍርዲ፣ ናይ ሕርቃን ምቁጽጻር ትምህርቲ ወይ ንውሉፋት ናይ ዕጺ ዘውሃብ ሕክምና፣ ንኽትወስድ እንተኣዚዙካ፣ ከምዘየድልየካ እኳ እንተመሰለካ፣ ነቲ ትምህርቲ ውሰዶ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ትምህርቲ ወይ ሕክምና፣ ብዛዕባ ነፍስኻ እንታይ ከምትምሃር ነዓኻውን ክገርመካ ኢዩ።

- ውላድካ ናብ ገዛ ምምጻእ ምእንቲ ክኽእል፣ ንገዛኻ ካ ሓደጋ ናጻ ግበሮ። ነዚ ኽትገብር፣ ኣብ ገዛኻ ንዝቅመጥ ካልእ ሰብ፣ ካብ ገዛኻ ከተውጽኦ ትግደድ ትኸውን። ወይ ከኣ ንዘለዉኻ ሽግራት መፍትሒ፣ ወይ ኣብ ገዛኻ ንዘሎ ናይ መነባብሮ ኩነታት ከተመሓይሽ ትግደድ ትኸውን። እቲ ቤት ፍርዲ፣ ገዛኻ ካብ ሓደጋ ናጻ ክሳዕ ዝኸውን፣ ንውላድካ ናብ ገዝኡ ክምለስ ኣይክፈቅደሉን ኢዩ።

## ጠበቓ የድልየኒ ድዩ?

ኣብ ዝደሌኻዮ እዋን ጠበቓ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ግናኼ፣ ናይ ጽግዕተኛነት ፈቓድ እንተዘይተሓቲቱ፣ ብቤት ፍርዲ ጠበቓ ኣይክምደበልካን ኢዩ።

ናይ ጽግዕተኝነት ፈቓድ እንተሓቲትካ ጠበቓ ከድልየካ ኢዩ። ጠበቓ ከድልየካ ኢዩ። ጠበቓ ክትቆጽር ዓቕሚ እንተድኣ ዘይብልካ ኾይኑ፣ እቲ ቤት ፍርዲ ጠበቓ ኪቆጽረልካ ኢዩ። ውላድካ ኣብ ናይ መካላኸሊ ማእሰርቲ ኣትዩ እንተኾይኑ፣ በየናይ ኣገባብ ጠበቓ ክምደበልካ ከም እትሓትት፣ እቲ ዝስደደልካ መምልከቲ ክነግረካ ኢዩ። ንሱ እንተዘይተረዲኡካ፣ ምስ ሰራሕተኛ CPS ወይ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት ፍርዲ ተራኸብ።

ጠበቓ ንመሰልካ ኣብ ቤት ፍርዲ ይጣበቐልካ። ምእንቲ ጠበቓኻ ጽቡቐ ገይሩ ኣብ ቤት ፍርዲ ክማጎተልካ፣ ቅድሚ ዝኾነ መሰማዕታ፣ ምስ ጠበቓኻ ተዛረብ። ንስኻን እታ ሓንቲ ወላዲት ዘይተመርዓኹም እንተኾይንኩም ወይ ብሓንሳብ ዘይትነብሩ እንተኾይንኩም፣ ንክልቴኹም ዝተፈላለዩ ጠበቓታት ክምደበልኩም ኢዩ።

ንመሰላት ናይ ደቅኻ ምእንቲ ክካታተል "ጋርዲያን-ኣድ-ሊተም" ንውላድካ ክምደበሉ/ላ ኢዩ። እዚ ሰብ ምሳኻ ክዛረብ ይደሊ ይኸውን። ብሳዕባ ውላድካ ትፈልጦ እንተለኻ ነዚ/ዛ ሰብ እንተተነገርካዮ/ያ፣ ንውላድካ ብዝበለጸ ክማጎተሉ ይኽእል።

ናይ CPS ሰራሕተኛኻ ኸኣ ብናይ ቤት ጽሕፈት ኣቶርኒ ጀነራል፣ ጠበቓ ክምደበሉ ኢዩ።

## ንመጻኢ ንወደይ ከመይ ገይረ መደብ ከውጽኦሉ ይኽእል?

ፍሉጥ ገዛ ምህላዉ ነቲ ውላድ ኣገዳሲ ኢዩ። እንተድኣ ንስኻ ምስ ኣለይቲ ትቅመጥ እንተነይርካ ወይ ንእሽተይ ከሎኻ ካብ ሓደ ዘመድ ናብ ካልእ ዘመድ ትጓዓዝ እንተነይርካ፣ ንውላድካ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ክርድኣካ ኢዩ።

ቀጻልነት ንቆልዓ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ CPS ይርድኦ ኢዩ። እቲ/ታ ውላድ ካብ ገዝኡ/ኣ እንተተፈልዩ/ያ፣ ንሓጺር እዋን ኢዩ። ናይ CPS ዕላማ፣ ንእዋኑ ዝግበር ምጉዕዓዝ ኣትሪፉ፣ ነቲ/ታ ቆልዓ ካብ ሓደጋ ናጻ ኮይኑ/ና፣ ኣብ ገዝኡ/ኣ ክነብር/ክትነብር ኢዩ/ያ።



ንውላድካ ዝኸውን መደብ ከተመዕብልን ክትጽሕፍን፣ ምስ CPS ብሓባር ብምስራሕ ንውሉድካ ክትሕግዝ ትኽእል ኢኻ። እዚ መደብ ንጸገማት ናይቲ ንስኻን CPSን ዝተዛራረብኩምሉም ነጥብታት ክረቁሕ ኣለዎ። እቲ ጸገማት ከመይ ክዕረይ ከምዘለዎን፣ መን እንታይ ክገብር ኢዩ፣ ክንደይ ጊዜ ክወስድ ከምዝኾነ፣ እቲ መደብ ክነግር ኣለዎ።

## “ምቁራጽ/ ምዕጋት መሰላት ወላድነት” ማለት እንታይ ኢዩ?

ምቁራጽ መሰላት ወላድነት ማለት እቲ ወላዲ ዝኾነ ምስ ወዱ ዝራኸብ መሰላት ወይ ሓላፍነት የብሉን። እቲ ወላዲ ነቲ ቆልዓ ናይ ምርኣይ ወይ ምብጻሕ፣ ሓላፍነት ናይቲ ቆልዓ፣ ንመጻኢ ናይቲ ቆልዓ ናይ ምውሳን መሰል የብሉን። ኣብ ልዕሊ ውላዱ/ዳ ንዘለዎ/ዋ ሕጋዊ ሓላፍነት ንኽቋረጽ እቲ ቤት ፍርዲ ምምዳብ ስልጣን ኣለዎ።

> ምቁራጽ መሰላት ናይ ወላዲ ማለት እቲ ወላዲ ዝኾነ ምስ ወዱ ዝራኸብ መሰላት ወይ ሓላፍነት የብሉን።

ኣብ ገለ እዋናት ከኣ፣ እቲ ወላዲ ብድልየቱ ኣብ “መሕደጊ መሰል ወላድነት” ዝስሙ ሕጋዊ ሰነድ ብምፍራም፣ ንውላዱ ንኻልኦት ስድራቤት ከም ወዶም ገይሮም ከዕብዩዎ ይፈቕደሎም። ነዚ ሰነድ ምፍራም ኣዝዩ ዓቢ ነገር ስለ ዝኾነ፣ ተጠንቂቕካ ክሕሰበሉን፣ ምስቲ ሰራሕተኛ ናይ CPS ን ምስቲ ጠበቓን ክትዛራረበሉ ይግባእ።

እቲ ቤት ፍርዲ ብዘይ ፍቓድ፣ ንመሰላት ናይቲ ወላዲ ከቋርጾ ዝኽእል እንተድኣ፣

- እቲ ቤት ፍርዲ ጽግዕተኝነት ከምዘሎ እንተ ኣረጋጊጹ፣
- እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ጽግዕተኝነት ከዕርየሉ ዝኽእል ኣገልግሎት ክውሃብ ኣዚዙ፣ ግን እቲ ሽግር ክሳዕ ሕጂ እንተድኣ ኣሎ ኾይኑ፣
- ውሉድካ ኣብ ካብ ገዛ ወጻኢ ዝውሃብ ክንክን ካብ ዝኣትው 12 ኣዋርሕ ኮይኑዎ፣ ንክኻ ግን ውሉድካ ኣብዝቀረበ እዋን ናብ ገዝኡ ተመሊሱ፣ ካብ ሓደጋ ናጻ ኣብ ዝኾነ ገዛ ንኽትነብር ዘኽእሎ ዝኾነ ጻዕሪ ኣይገበርካን፣
- እቲ ቤት ፍርዲ ክውሃቡ ዝኣዘዞም ኣገልግሎታት ተቀሪቦምን ተዋሂቦምን ኢዮም።
- ኩነታት ተማሓዩሹሲ እቲ ቆልዓ ናብ ገዝኡ ንኽምለስ ትሑት ጥጽቢት ኢዩ ዘሎ።
- እቲ ወላዲን ውሉዱን ዝገብሩዎ ዘለዉ ቀጻሊ ርክባት፣ ነቲ ቆልዓ ነባሪ ገዛ ንምርካብ ተወሳኺ ጸገም ክኸውን ኢዩ።

መሰል ናይቲ ወላዲ ኣብ ዝቋረጸሉ ኣብ ዝኾነ እዋን፣ እቲ ናይ DCFS ሰራሕተኛ፣ ነቲ ቆልዓ ነባሪ ገዛ ኣብ ምርካብ ኪጽዕር ኢዩ።

## ብዛዕባ ኣብ ጉዳያት ዝግበር ውሳነታት ምስቲ ናይ CPS ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ኣብ ዝመጽእ ዘይምርድዳእ እቲ ሰብ እንታይ ክገብር ይግባእ?

ምስ CPS ዕላዊ ምይይጥ ንብዙሕ ዘይምርድዳእ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ግናኸ፣ እቲ ዘሎ ዘይምርድዳእ በዚ ደረጃ ክፍታሕ ዘይክእል እንተኾይኑ፣ ነቲ ኣቀድም ኣቢሉ ኣብዚ መጽሓፍ ተረቍሑ ዘሎ መስርሕ ናይ ጥርዓን፣ ዝኾነ ኣካል ስሓትት ይኽእል።

እንተድኣ ጽግዕተኛነት ሃልዩ፣ ክልቲኦም ወላዲን ውሉድን፣ ንጠበቓታቶም ብዛዕባ እቲ ዘይምርድዳእ ክነግሩዎም ኣለዎም። CPS ነዚ ሓበሬታ ንጠበቓ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ክህቦ ኢዩ።

በዚ መስርሕ ፍታሕ እንተዘይተረኺቡ፣ ዝኾነ ሰብ ምስ እዞም ዝስዕቡ ክራኸብ ይኽእል፤

- The Office of the Family and Children’s Ombudsman, (ቤት ጽሕፈት ስድራቤትን ቆልዓን ኦምቡድስማን፣ ብቁጽሪ ስልኪ) 1-800-571-7321 ወይ ቤት ጽሕፈት ዝምድና ቅዋምን ምምሕዳር ቆልዑን፣ ብቁጽሪ ስልኪ 1-800-723-4831 ወይ (360) 902-8061።

- እንተድኣ እቲ ሰብ፤እቲ ሽግር፣ ሓፈሻዊ መሰሉ ከምእተጋህሰ ዘርኢ ሓበሬታ ምኳኑ ኣሚኑሉ፣ ምስ ካልኦት ወኪላት ክራኸብ ይኽእል ኢዩ፤

- Office for Civil Rights, United States Department of Health and Human Services, (ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ መሰላት፣ ናይ ሕቡራት መንግስቲ ኣሜሪካ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎት፣) 1-800-362-1710; TDD (206) 615-2296።

- Washington State Human Rights Commission; (ናይ ዋሺንግተን ስቴይት ኮሚሽን ህዝባዊ መሰላ፣) 1-800-605-7324, ሴያትል፣ 1-800-233-3247, ኦሊምፒያ፣ 1-800-662-2755, ያኪማ።

- Division of Access and Equal Opportunity, Washington State Department of Social and Health Services; (ክፍሊ ርክባትን ምቅይያርን፣ ናይ ዋሺንግተን ስቴይት ክፍሊ ማሕበርን ኣገልግሎት ጥዕናን፣) 1-800-521-8060, TDD, 1-800-521-8061።

ኩሉም ፖሊሲታት፣ ኣገባባትን፣ መምርሕታትን ናይ DCFS፣ ናይ ሓፋሽ ሰነድ ስለዝኾኑ፣ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ክረኣዮ ይኽእሉ እዮም። ምእንቲ እዋናዊ ማንዋላት ክትረክብን፣ ንሕቶኻ መልሲ ዝህበካ ሰብ ክትረክብ፣ ኣቀዲምካ ብምድዋል ቆጸራ ሓዝ።



እቲ Revised Code of Washington (RCW)ዝስሙ ሕጋጋት፣ ኣብ ክፍሊ መወከሲ(reference section) ናይ ዝኾነ ቤት መጻሕፍቲ፣ ብጠበቓ ጌርካ፣ ወይ ሓንሳብ ሓንሳብ ከኣ ብቤት ፍርዲ ናይቲ ካውንቲ ክርከብ ይከኣል። ንCPS ዝትንክፉ ክፍልታት ኣብ ምዕራፍ 13.34፣ 26.44፣ 74.13 ይርከቡ።

ናይ CPS መርመራታት በብቀጥታ ዝምልከቶም ሰባት፣ ቆጸራ ብምሓዝ፣ ወይ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከብ ናይ DCFS ቤት ጽሕፈት ገይሮም፣ ነቲ ናቶም መዝገብ ዳግማይ ክርእይዎ ይኽእሉ። ቅድሚ እቲ ዓሚል ነቲ መዝገብ ምርኣዩ፣ ገለ ገለ ሓበሬታታት ክድምሰሱ ኣለዎም።

## ፖሊሲ ናይ ዘይኣፈላላይነት

ብምኽንያት ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ መበቆል ሃገር፣ እምነት፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ኩነታት ሓዳር፣ ዕድመ፣ ወይ ምሁር ከልቢ ከም መምርሒ፣ ስንክልና ስለዘለዎ ኣገልግሎት ወሃቢ ከልቢ ምጥቃም፣ ዝኾነ ሰብ ኣፈላላይ ንኽይግበረሉ፣ ካብ ዝኾነ ተሳትፎ ከይክልከል፣ ወይ ካብ መኽሰባት ናይ ዝኾኑ መደባትን ወይ ንጥፈታት፣ ወይ ኮንትራክተራት፣ ከይክልከል፣ ናይ ምምሕዳር ቆልዑ ፖሊሲ ኢዩ። ከም ኣተርጓሚን ግቡእ መሳለጢያታትን ምቅራብ ዝኣመሰሉ መሳለጢያታት፣ ብጠለብ ናይቲ ሰብ፣ ከቅርቡ ኢዮም።

- በቲ ምምሕዳር ቆልዑ ኣፈላላይ ተገይሩልና ዝብሉ ተገልገልቲ ናብዘን ዝስዕባ ወኪላት ጥርዓኖም ከቕርቡ ይኽእሉ፤

- Office for Civil Rights, United States Department of Health and Human Services, (ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ መሰላት፣ ናይ ሕቡራት መንግስቲ ኣሜሪካ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎት፣ (1-800-362-1710; TDD (206) 615-2296.

- Washington State Human Rights Commission; (ናይ ዋሺንግተን ስቴይት ኮሚሽን ህዝባዊ መሰላ፤) 1-800-605-7324, ሴያትል፤ 1-800-233-3247, ኦሊምፒያ፤ 1-800-662-2755, ያኪማ።

- Division of Access and Equal Opportunity, Washington State Department of Social and Health Services; (ክፍሊ ርክባትን ምቅይያርን፣ ናይ ዋሺንግተን ስቴይት ክፍሊ ማሕበርን ኣገልግሎት ጥዕናን፤) 1-800-521-8060, TDD, 1-800-521-8061።

Washington State
DEPARTMENT OF
SOCIAL & HEALTH
SERVICES

DSHS 22-484(X) TI (Rev. 2/00)